# መሪሕነታዊ ኣኼባ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ኤርትራ ኣብ ፍራንክፈርት ብዓወት ተዛዚሙ

ሓባራዊ ዜናዊ ኣካል ሰ.ዲ.ኤን ሰ.ህ.ኤን
13.04.2009

ወከልቲ ክልቲኡ መሪሕነታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን (ሰ.ህ.ኤ) ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን (ሰ.ዲ.ኤ) ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ከካይድዎ ዝጸንሑ ክልተ መዓልታት ዝወሰደ ኣኼባ፡ ሓድነታዊ ጉባኤኦም ኣብ ታሕሳስ 2009 ክግበር ብምውሳን ብዕለት 12 ሚያዝያ 2009 ብዓወት ተዛዚሙ።



ኣብ'ዚ፡ ኣቶ መስፍን ሓጐስን ኣቶ ወልደሱስ ዓማርን ብሓባር ዝመርሕዎ ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት ኣኼባ፡ ነቲ ንመስርሕ ሓድነት ክመርሕ ዝጸንሐ ሓባራዊ ኣውሃሃዲ ኣካል ክብ ብምባል 6 ኣባላት ዝርከብዎ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ክቐውም ተወሲኑ። ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ከኣ፡ ንጉባኤ እተሰናድእ ኮሚቴ ከቅውምን ናይ ዝሰመረ ሰልፊ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ቅዋምን ከዳሉን ተመዚዙ ኣሎ።



ኣብ'ዚ 9 ካብ ሰልፊ ህዝቢ 8 ድማ ካብ ሰልፊ ዲሞክራሲ ዝተኻፈልዎ ኣኼባ'ዚ፡ ምጽንባር ክልቲኡ ሰልፍታት ብጉባኤ ክኸውን፤ ቅድሚ ሓድነታዊ ጉባኤ ክጸናበሩ ዝኽእሉ ትካላት እንተደኣ ኣልዮም ብመሰረት ውሳኔ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ክኸውን፤ ከምኡ ውን፡ ሓባራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ካብ 7-9 ነሓሰ 2009 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ክካየድ ወሲኑ።